## ህጹጽ ሞስ ትሓምሞ፦

ናብ'ቲ ኣብ ጥቓኻ ዘሎ ህጹጽ ክሊኒክ ወይ ሆስፒታል ኪድ! ህጹጽ ሓገዝ ምስ ዘድልየካ 112 ደውሉ።

## ህጹጽ ሞስ ትሓምሞ፦

ናብ'ቲ ኣብ ጥቓኻ ዘሎ ህጹጽ ክሊኒክ ወይ ሆስፒታል ኪድ!
ህጹጽ ሓገዝ ምስ ዘድልየካ 112 ደውሉ።

**ኣምቡላንስ፦** 112

**ሓበሬታ ክንክን-ጥዕና፦** 1177 ኩሉ ግዜ 24 ሰዓታት ክፉት እዩ

**ሓገዝ እንተደሊኹም ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ እትደልዩ፡ ንመራኸቢ ክንክን ጥዕና ቀይሕ መስቀል በዚ ዝስዕብ ስልኪ ቁጽሪ ተወከስዎ፦**

| | |
|---|---|
| **ተሌፎን፦** | 020-21 10 00 ሰኑይ-ዓርቢ ሰዓታት 09:00-12:00 (ብነጻ እዩ)፦ |
| **ኢሜል፦** | papperslos@redcross.se |
| **Sms፦** | 072-349 98 08 (sms መልኣኺ ጥራሕ፡ ምሳና ክትዛረብ እንተ ደሊኻ፡ ኩሉ ግዜ በዚኣ ቊጽሪ ደውል 020-21 10 00) |

**ኣድራሻ ንበጻሕቲ፦**

| | |
|---|---|
| **Stockholm:** | Lindhagensgatan 126, 112 51 Stockholm, 4ይ ደርቢ |
| **Göteborg:** | Rullagergatan 6b, 415 05 Göteborg |

Co-funded by the European Union

Healthcare for undocumented and other migrants

**Swedish Red Cross**
Infoservice 0771-19 95 00
E-post: info@redcross.se | www.rodakorset.se

Swedish Red Cross

Form: Heed & Heed AB. Aug 2024. Uppdaterad MARS 2025

# ወረቐት ዘይብሎም ብሕጊ ክንክን ጥዕና ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።

ካብ 2013 ጀሚሩ፡ ወረቐት ዘይብሎም ስደተኛታት ብመሰረት ሕጊ 2013:407 ክንክን ጥዕና ክረኽቡ መሰል ኣለዎም።

# መሰል ክንክን ጥዕና

## ዓበይቲ

ልክዕ ከም እቶም ዓበይቲ ሓተትቲ ዑቕባ፡ ንስኻ እውን መሰል ክንክን ጥዕና ኣለካ። እዚ ማለት፡ እቲ ክንክን ክጸንሕ ዘይክእል ምስ ዝኸውን እዩ(ይጽናሓለይ ዘየብል ክንክን ተባሂል እዉን ይጽዋዕ እዩ)። ከም'ዚ ዓይነት ክንክን እዚ ሕክምና ስኒ፡ ኣካላው ሕክምና፡ ስነ-ኣእምራዊ ሕክምናን መሳለጥያታትን የጠቓልል። ኣብ እዋን ጥንስን ሕርስን ዝወሃብ ክንክን፡ ናይ መከላኸሊ ጥንሲ ምኽሪ፡ ክንክን ምንጻል ጥንሲ፡ ሓፈሻዊ መርመራ ጥዕናን ከምኡ ድማ ብመሰረት ሕጊ ምክልኻል ለብዒ ዝወሃብ ክንክን፡ ኩሉ ግዜ ነጻ እዮም። ብተወሳኺ እቲ ዘባ ካብ'ዞም ዝተጠቕሱ ክንክናት ንላዕሊ ዝያዳ ክንክን ፡ ክሳብ ተመሳሳሊ ደረጃ ክንክን ከም'ቶም ነበርቲ፡ ክህብ ይኽእል እዩ። ነቲ ክንክን ክጸንሕ ይኽእል ድዩ ኣይክእልን ዝግምግሙ፡ እቶም ትረኽቦም ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና እዮም።

## ቈልዑ

ኩሎም ኣብ ሽወደን ዘለዉ ቈልዑ ልክዕ ከም'ቶም ነበርቲ ቈልዑ ሓደ ዓይነት ክንክን ይወሃቦም፡ ማለት ምሉእ ክንክን ጥዕናን ሕክምናን እንተላይ ክንክን ስኒ። ቈልዑ ንምርመራ ንኽጽውዑ ኣብ ህዝባዊ ኣገልግሎት ሕክምና ስንን ኣብ ማእከል ክንክን ጥዕና ቈልዑ(BVC) ክምዝገቡ ኣለዎም። ነዚ ምዝገባ ንስኺ ባዕልኺ ወላዲት ክትገብርዮ ትኽእሊ ኢኺ።

# ክጸንሕ ዘይክእል ክንክን

**(ይጽናሓለይ ዘየብል ክንክን ተባሂል እዉን ይጽዋዕ እዩ)** እንታይ ማለት እዩ?

እቲ ትካል ክንክ ጥዕና ነዚ "ይጽናሓለይ ዘየብል ክንክን" ኢሉ ዝጽወዖ ዓይነት ሕክምና፡ ካብቲ ድሮ ዘለኻዮ ሕማም ንላዕሊ ንኸይትሓምም ዝወሃብ ክንክን ዘጠቓልል ኣምር እዩ። ድሕሪ እቲ ፈላሚ ክንክን መኸተልታ ናቱ ኣብ መጻኢ ዝወሃብ ክንክን እውን ኣብ'ዚ እቱው እዩ። ስለዚ ካብ ህጹጽ ክንክን ጥዕና ንላዕሊ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ ማለት'ዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ይጽናሓለይ ዘየብል ክንክን ማለት፡ እቲ ክንክን ብሓቂ ምስ ዘድልየካ፡ ክወሃበካ ሕተት።

# ክፍሊታት

እቲ ዝዓበየ ክፋል ናይ'ቲ ክንክን ሕክምና ክፍሊት፡ መንግስቲ እዩ ዝሸፍኖ። እቲ ባዕልኻ ትኽኽኽሸፍልሎ ዘለካ ክፋል፡ ክፍሊት ሕሙም ይበሃል። ክፍሊት ሕሙም ክትከፍል እንተዘይክኢልካ ፋክቱር ክትሓትት ይከኣል እዩ።

- ኣብ ማእከል ክንክን ጥዕና ወይ ኣብ ጥቓኻ ዝርከብ ህጹጽ ክሊኒክ ምብጻሕ፤ 50 kr
- ኣብ ዓቢ ሆስፒታል ህጹጽ ዑደት ምስ ትገብር፤ ብመሰረት ኣብ ሽወደን ኣበይ ከም እትነብር ካብ 50 kr ክሳብ 500 kr
- ኣብ እንዳ ሓኪም ስኒ መርኣዩ፤ 50 kr
- ካብ ፋርማችያ ተውጾ ሓኪም ዝጸሓፈልካ መድሃኒት፤ 50 kr
- መሳለጥያ፤ 50 kr ወይ ካብኡ ንላዕሊ
- መጓዓዝያ ሕክምና፤ 25 kr
- ነጻ፤
  - ሓፈሻዊ መርመራ ጥዕና
  - ብመሰረት ሕጊ ምክልኻል ለብዒ ዝወሃብ ክንክን
  - ኣስተርጓሚ
  - ምንጻል ጥንሲ
  - ክንክን ጥዕና ኣዴታት፡ እንተላይ ሕርሲ

# ምፍላጡ ጽቡቕ

## "Reservnumret"

እቲ ትሓቶ ዘለኻ ክንክን መጀመርያኻ እንተኾይኑ፡ ሓንቲ reservnummer ትበሃል ቊጽሪ ትወሃበካ። ኣቕምጣ ምኽንያቱ እዛ ቊጽሪ ሕክምናኻ ብዝምልከት ኩሉ ሓበሬታታት ኣብ ሓደ መዝገብ ንኽምዝገቡን ዝበለጸ ክንክን ንኽትረክብን ኣድላዪት ስለ ዝኾነት። ከምኡ'ውን ሕጋዊ ኩነታትካ ምስ

ዝቕየር፡ ንኣብነት ዑቕባ ምስ ትሓትት፡ እዛ ቁጽሪ ተድሲ ኢያ። እዛ ቁጽሪ ስለ ዘላትካ ወረቐት ዘይብልካ ምኽንካ ተረጋግጽ እያ ማለት ስለ ዘይኮነ፡ ነቲ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ወረቐት ከም ዘይብልካ ግድን ክትሕብሮ ኣለካ። እዛ ሪዘርቭ-ኑመር ኔራትካ ምስ ተጥፈኣ፡ ነቲ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ሓብሮ። መብዛሕትኡ ግዜ ንሳቶም ኣብ'ቲ ኮምፒተር ሲስተም ክረኽብዎ ይኽእሉ እዮም።

## መለለዪ መንነት

ክንክን ኣብ እትደልየሉ እዋን ናይ ሰነድ-መንነት ከም ታሴራ፡ ናይ ቀደም LMA ካርድ፡ ፓስፖርት ወይ ቅዳሕ ናይ ታሴራ ምሳኻ እንተሃልዩ ጽቡቕ እዩ። ናይ መንነት ሰነድ እንተዘይብልካ፡ ሕጂ'ውን መሰል ክንክን ጥዕና ኣለካ። ወረቐት ዘይብልካ ምኽንካ፡ ሰብ ክምስክረልካ ኣድላዪ ኣይኮነን።

## መራኸቢ ሓበሬታኻ

ክንክን ጥዕና ኣብ ገለ እዋን ምሳኻ ክራኸብ ከድልዮ ስለ ዝኽእል እዩ ብዙሕ ግዜ ኣድራሻኻ ወይ ቁጽሪ ተሌፎንካ ዝሓትት። ኣድራሻ እንተዘይብልካ ቁጽሪ ተሌፎንካ ክትህብ ትኽእል ኢኻ። ቋንቋ ሽወደን ዘይትኽእል እንተ ኼንካ፡ ቁጽሪ ተሌፎን ናይ ሓደ ቋንቋ ሽወደንኛ ዝኽእል ትፈልጦ ሰብ ምስ ትህብ ጽቡቕ እዩ። ኣድራሻ c/o እንተኾይኑ፡ ኣብ ማዕጾ ተጠቂዑ ዘሎ ስም ክትህብ ኣገዳሲ እዩ። ብዙሕ ግዜ ትግዕዝ እንተኾይንካ፡ ምስ'ቲ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዘለካ ርክባት ንኸይሓልፈካ፡ ቁጽሪ ተሌፎን ጥራይ ምስ ትህብ ዝሓሸ እዩ።

## ብሕታዊነት

ኩሎም ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ብምስጢር ምዕቓብ ዝቕየዱ ኮይኖም፡ እቲ ክንክን ጥዕና ምስ ከም ኢሚግሬሽን ወይ ፖሊስ ዝኣመሰሉ በዓል-መዝታት ብዛዕባኻ ክራኸብ ኣይክእልን እዩ።

## ፋርማቻን ትእዛዝ ሓኪምን

ኤሌክትሮኒካዊ ትእዛዝ ናብ ፍሉይ ፋርማሲ ክጽሓፍ ኣለዎ፡
መድሃኒታትካ ንምርካብ ድማ ናይ መንነት ሰነድ የድልየካ። ናይ መንነት ሰነድ እንተዘይብልካ፡ እቲ ትእዛዛት ሓኪምካ ኣብ ወረቐት ናይ ትእዛዝ ሓኪም ተጻሒፋ ክወሃበካ ግድን ክትሓትት ኣለካ። ኣብ መብዛሕትኡ ከባቢታት ሽወደን፡ እቲ ኣብ ፋርማቻ ትኸፍሎ በመሰረት መድሃኒት ዝተኣዘዘልካ መዓልትታት ስለ ዝኾነን ንሓንቲ መዓልቲ ድማ 50 ክሮኖር ስለ ዝኽፈሎ፡ ናይ ኩሎም እቶም መድሃኒታት ዝኣዘዘልካ፡ 50 ክሮኖር ጥራሕ መታን ክትኸፍል፡ እቲ ዝእዘዘልካ መድሃኒታት ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ንኽጽሕፈልካ ሕተቶ። እቲ ሓኪም ኣብ'ታ ናይ ትእዛዝ መድሃኒት ወረቐት "utan tillstånd, betalas av region..." ትብል ሳጹን ክጽሕፈልካ ኣለዎ ምእንቲ ምሉእ ዋጋ ንኸይትኸፍል። ሓታቲ ዑቕባ ኣብ ዝነበርካሉ እዋን ዝተጻሕፈ ትእዛዝ ሓኪም እንተሃልዩካ፡ እቲ LMA ካርድካ ምስራሕ ምስ ዘቋርጽ፡ እቲ ሓኪምካ ሓድሽ ትእዛዝ-ሓኪም ክጽሕፈልካ ግድን ክትሓቶ ኣለካ።

## መዝገብካ

ሕክምናዊ መዝገብካ ኣብ ወረቐት ተሓቲሙ ክወሃበካ መሰል ኣሎካ። ነቲ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ትካል ምስ ትውከሶ፡ ብዛዕባኡ ክሕግዘካ ይኽእሉ እዩ።

## ኣስተርጓሚ

ኣስተርጓሚ ንኽግበረልካ መሰል ኣለካ።